ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 32
መጋቢት 2021

# ሓዱሽ ኮሮና ቫይረስ ኣብዚ ኣውራጃ የስፉሕፍሕ-ሕግታት ብጥንቃቐ ኣኽብር

**ሎሚ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ዓይነት ኮሮና ቫይረስ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ኣትዩ'ሎ። ብቐሊሉ ይመሓላለፍን ንቆልዑ ይለክፍን።**

ቫይረስ ክቕየር ይኽእል'ዩ። እዞም ምቅይያራት ሙቴሽናት ይበሃሉ። ተመራመርቲ ብዙሓት ዓይነታት ኣብ መላእ ዓለም ረኺቦም ኣለዉ። ሓደ ካብኦም እዚ ናይ ዓዲእንግሊዝ ዓሌት ኮይኑ ብዝቐለለን ዝቐልጠፈን ይላባዕ። ንኣሽቱ ሰባት'ውን ክለክፍ ይኽእል'ዩ። ካብቶም ካልኦት ግን ዝያዳ ሓደገኛ ኣይኮነን። እቲ ተኽእሎ ዓበይቲ ሰባት'ዮም ናብ ቆልዑ ነዚ ቫይረስ ከመሓለልፍዎ ጸኒሖም። ብድሕሪኡ እቶም ቆልዑ ነንሕድሕዶም ይለኻኸሙ። ሎሚ ሓኪም ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ሊዛ ላበ ሳንደሊን  ምልክታት ዘለዎም ቆልዑ ክምርመሩ ትደሊ። ቆልዑ ልክዕ ከም ዓበይቲ ብሓደ ዓይነት ኣገባብ ይምርመሩ።

ናይ መርመራ ቆጸራኻ ኣብ **1177.se** ወይ ናብ ማእከል ጥዕናኻ ደዊልካ ሓዝ።

ወለድን ህጻናትን እውን ምልክታት እንተኣለዎም ርሕቀት ኣብ ምሕላው ክጥንቀቑን ገዝኦም ክጸንሑን ኣለዎም። ኣብ ሓደ ቤትትምህርቲ ቆልዑ እንተድኣ ሓሚሞም እቲ ቤትትምህርቲ ክዕጾ ይኽእል'ዩ። ብድሕሪኡ ናይዚ ዞባ ክኢላታት ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ቤትትምህርትን እቲ ለበዳ ካበይ ከምዝመጸ ኣብ ምክትታል እንከለዉ ቆልዑ ገዝኦም  ክጸንሑ'ዮም። እዚ ማለት ከኣ ናብ ናይ ትርፊ ግዚኦም ንጥፈታት ክሳተፉን ካልኦት ቆልዑ ክረኽቡን ኣይክእሉን። ካብ ዓንኬሎም ወጻኢ ምስ ካልኦት ክራኸቡ'ውን ኣይኮኑን።

**ኣብ ዓንኬሎም ጥራይ ክጸንሑ ኣለዎም:**

ዓንኬል ክንብል ከለና ምዓልታዊ ናይ ትረኽቦም ሰባት ጉጅለ ማለት'ዩ። ንኣብነት ሓቢሮም ምሳኻ ዝነብሩን ሓደ ወይ ክልተ የዕሩኽን።

**ንቐልዑ ብኸምዚ ትምርምሮም:**
ቆጸራ ልክዕ ከም ናይ  ዓበይቲ ብሓደ ዓይነት ኣገባብ ይተሓዝ
- ናይ መርመራ ቆጸራ ሓዝ።
- ካበይ ከምተምጽኦ ወስን።
- ዘይሓመመ ወይ ምልክታት ዘይብሉ ሰብን ነቲ መርመራ የምጽኦ።
- ምስቲ መመርመሪ ዝመጽእ ስእልታት  ብጥንቃቐ ርኣዮ። ነቲ መርመራ ኣብ ገዛ ድሕሪ ምግባር ናብቲ ዘምጻእካዮ ቦታ ኣብጽሓዮ።
- እቲ መርመራ ምስ ተወድአ መልሲ ብቴለፎን ወይ ብመልእኽቲ ቴሌፎን ይመጸካ።

ናይ መርመራ ቆጸራኻ ኣብ 1177.se ወይ ናብ ማእከል ጥዕናኻ ደዊልካ ሓዝ።

**ኣብዚ ኣውራጃ ኩነታት ክታበት ከምዚ ይመስል**
ክታበት ኣብ ኣውራጃ ካልማር ይቕጽል። ንስኹም ልዕሊ 65 ዝዕድሜኹም መጀመርያ ትኽተቡ። ትቖጽረሉ ግዜ ምስ ኣኸለ ብቋንቋ ሽወደን ዝተጻሕፈ ደብዳቤ ገዛኻ ክመጸካ'ዩ። ( ኣብ ዝሓለፈ  **ዓምዲ ብዛዕባ ኮሮና** ከመይ ገርካ ቆጸራ ትሕዝ ኣንብብ።  ሎሚ ክታበት ብዝቐልጠፈ ይሳለጥ የለን። ሽወደን ኩሉ ዝጠለብናዮ ብዝሒ ኣይመጸናን። ብተወሳኺ ሓደ ካብቶም ክታበታት ንግዚኡ ደው ኢሉ'ሎ። ውሕስነቱ ይምርመር ኣሎ። ተወሳኺ ምስ መጸናን ኩሉ ክታበታት ውሑስ ምኳኑ ምስ ፈለጥናን  ብድሕሪኡ ብዝቐልጠፈ እንደገና ክጅምር'ዩ። ዞባ ን 18 ክሳብ 64 ዓመት ዝዕድሜኹም ዝኾነ ደብዳቤ ኣይክልኽልኩምን'ዩ። ኣብ ክንድኡ ሓበሬታ ብመወዓውዕታትን ወፍርታትን ክትረኽብዎ ኢኹም። **ዓምዲ ሓዱሽ ብዛዕባ ኮሮና** እውን ግዚኡ ምስ ኣኸለ ብዛዕብኡ ክትዛረብ'ያ።
*ስለዚ ብትኹረት ተኸታተሉ!*

## ቅንያት ፋሲካ
ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ተመሃሮ ቆልዑ ናይ ፋሲካ ዕረፍቲ ክወስዱ'ዮም! ፋሲካ  ምስ ጽድያን ዋዒን'ዩ ይመጽእ። ንቆልዑን ንዓበይትን ብዙሕ ግዜ ኣብ ደገ ንኽሕልፉ  ዝበለጸ ኣጋጣሚ'ዩ። ካብ ካልኦት ርሕቀት ኣብ ምሕላው ግን ተጠንቀቕ። ምልክታት እንተኣለካ ደገ ኣይትውጻእ ። እዚ ንቆልዑ እውን ዝምልከት'ዩ። ብዙሓት ካብ ስርሖም ዕረፍቲ ወሲዶም ናብ ናይ ፋሲካ ዕረፍቲ መገሽኦም ይገሹ። ኣብዚ ዓመት ዞባታት ሰብ ኣብ ገዝኡ ክጸንሕ እየን ዝያዳ ዝደልያ። ሰብ ናይ ግድን ክገይሽ እንተኾይኑ ግን  ንኻልኦት ንኸይትለክፍን ንባዕልሉ ንኸይትልክፍን ብጣዕሚ ምጥንቃቕ ከድልይ'ዩ።
*ርሑስ በዓል ፋሲካ ንኹልኹም ኣኽበርቲ ፋሲካ!*

Krissamverkan
Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ  ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ምትሕብባር ናይ  ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር:  ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar

Kalmar kommun